

HLT
ጥዕና፡ ትምህርቲ፡
ድሕነት

ቨስተርቦተን/
VÄSTERBOTTEN

# HLT ንወለድን ቆልዑን ዝበለጸ ደገፍ ክትህብ ትደሊ።

# እዚኣ HLT እዩ

**HLT ማለት ንጥዕና፣ ትምህርትን ድሕነትን (ወይ Hälsa, Lärande och Trygghet ብቋንቋ ሽወደን) ዝውክል ኮይኑ ኣብ መንጎ ጽላት ክንክን ጥዕና፣ ቅድመ ትምህርቲ/ቤት ትምህርትን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ዝግበር ሽርክነት እዩ። ዕላማ ናይቲ ሽርክነት ሓይልታት ምውህሃድ ስለዝኾነ፡ ነቶም ሓገዝ ዘድልዮም ህጻናትን ስድራቤታትን ብቕልጡፍ ዝበለጸ ደገፍ ክንህቦም ንኽእል።**

ብዙሓት ስድራቤታት ህይወተን ዝያዳ ዝመሓደር ንኽኸውን ሓሓሊፉ ቁሩብ ተወሳኺ ደገፍ የድልዮም። ምናልባት ቅድመ ትምህርቲ/ትምህርቲ ምሉእ ብምሉእ ከምቲ ዝድለ ኣይከይድን ወይ ውላድካ ምስ ኣዕሩኽቱ ገለ ጸገማት የጋጥሞ ይኸውን። ኣብ ገዛኻ ንውላድካ ዝጸሉ ገለ ከበድቲ ነገራት እውን ክህልዉ ይኽእሉ እዮም።

ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣለዉ፣ ቆልዑ ሓደ ነገር ምሉእ ብምሉእ ቅኑዕ ከምዘይኮነ ዘርእዩና፣ ከም ምሕራቕ ወይ ምሕዛን፣ ሕማም ርእሲ ወይ ሕማም ከብዲ ምህላው፣ ወይ ምልክታት ጸቕጢ ወይ ጭንቀት ምርኣይ። ከም ወላዲ መጠን፡ ውላድካ ጽቡቕ ኣይከይድን ኣሎ ኢልካ ተስፋ ምቑራጽን ብስጭትን ክስምዓካ ቀሊል እዩ።

ስድራቤታት በብእዋኑ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ክረኽባ ልሙድ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ወለዲ ነቲ ኩነታት ባዕሎም ከማሓድሩዎ ክኽእሉ ዘለዎም ኮይኑ ይስምዖምን ካብ ስድራቤት ወጻኢ ካብ ዘለዉ ሰባት ሓገዝ ክቕበሉ ይጽገሙን።

ተመክሮ ከም ዝሕብሮ ግን ሓንቲ ስድራቤት ቀልጢፋ ሓገዝ ብዝረኸበት መጠን ቀልጢፋ ኣወንታዊ ለውጢ ከተመዝግብ ትኽእል እያ። HLT ምስ ኩነታትካ ዝተመጣጠነ ሓገዝን ደገፍን ክትረክብ ዕድል ይህበካ።


“ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ ገዛን ኣብ ነጻ
ግዜ ዅምን ዝበለጸ ግዜ ክትሕልፉ ንደሊ።
ነቲ ዕላማ ክሳብ ዘይበጻሕና ድማ ተስፋ
ኣይንቑርጽን ኢና።”

# ምስ ስድራቤትካ ከም ጋንታ ምስራሕ

HLT ኣብ መንጎ ጽላት ክንክን ጥዕና፣ ቅድመ ትምህርቲ/ቤት ትምህርትን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዝግበር ሽርክነት ኮይኑ ከም ስድራቤት እዩ። ብሓባር ድማ ዘድልየኩም ደገፍ ንምሃብ ዝዓለመ ጋንታ ንፈጥር።

HLT ዝተፈላለየ ክእለትን ተመኩሮን ዘለዎም ሰባት ዝሓቖፈ ጉጅለ ኮይኑ፡ ከም ስፔሻሊስት መምህራን፡ ኣማኸርቲ፡ ሰራሕተኛታት ምብጻሕ ስድራቤት፡ ነርስ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ክኢላታት እዮም። ንዓኻን ንስድራቤትካን ዝበለጸ ደገፍ ክህበካ እትኽእል ፍጽምቲ ጋንታ ንምጥርናፍ ንጽዕር።

ኣብ ውሽጢ HLT ዝዝረበሉ ኩሉ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኹምን ስለዝጸንሕ ብዛዕባ ኩነታት ስድራኹም ብሰላም ምስ ጋንታና ክትዛረቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ክሳብ ዝደለኻዮ ኣብ ጎንኻ ክንጸንሕ ኢና ምሳና ዘለካ ተሳትፎ ድማ ምሉእ ብምሉእ ብወለንታኻ እዩ። እቲ ዕላማ ንዓኻን ንስድራቤትካን ኣወንታዊ ለውጢ ንምፍጣር እዩ።

## *“ሰሚዑና ዘቐድም ሰብ ረኺብና። ንውላድና ንምሕጋዝ ሓይሊ ክህቡና ከኣሉ።”*

**“HLT ንገለ ካብቶም ኣገደ ስቲ ረጃሒታት ኣብ እዋን ኣተዓባ ብያ ቆልዓ ዝውክል እዩ፡ ጥዕና፡ ትምህርትን ድሕንነትን።”**



# ከመይ ጌርካ ምስ HLT ትኣቱ – ደረጃ ብደረጃ


ዝኾነ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ/ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ክንክን ጥዕና ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝሰርሕ ሰብ መጀመርታ ምሳኻ ድሕሪ ምምኽ ኻር ደገፍ HLT ክዋሳእ ይኽእል።

HLT ንስኻን ስድራኻን እንታይ ከም እትደልዩ ንምዝርራብ ብሓጺር ናይ ውጥን ኣኼባ እያ ትጅምር። ዝተወደበ ኣገባባት ሓጋዚ ኣብ ዝኾነሉ ቦታ፡ ናብ ኣኼባ ክትዕደም ኢኻ። ኣብዚ ኣኼባ እዚ፡ ብሓባር እንታይ ከም ዝሕግዘኩም ክንሰ ርሕ፡ እንታይ ከም ዝሽገረኩም ክትነግሩና ንደሊ።

ምስ HLT ንስኻን ውላድካን ኣብ መስርሕ ውጥን ክትሳተፉ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ እዋን ኣኼባ፡ ንስኻትኩም ዘጽድቕዎ ናይ ደገፍ ውጥን ክንጽ ሕፍ ኢና።

እዚ ውጥን እዚ ደገፍ ወለዲ፡ ኣኼባታት ስድ ራቤት፡ ውልቃዊ ምትዕርራይ፡ ሕክምና ወይ ካልእ ንዓኻ ዝምጥን ፈጠራዊ ፍታሕ ከጠቓልል ይኽእል። ብድሕሪኡ ነዚ ውጥን ብሓባር ክንከታ ተሎ ኢና ነገራት ከም ዝመሓየሹ ንምርግጋጽ።

***"ብንጹር ውጥን ኣብ መንጎ እቲ ስንጥቆታት ዝወድቕ ነገር ከምዘየለ ነረጋግጽ።"***


"እቲ ዝደለኹዎ ወላዲ ክኸውን ክቃለስ ረኺበዮ፡ HLT ግን ናብ ቅኑዕ ኣንፈት ድፍኢት ሂባትኒ።”

ክትራኽቡ ነጻ ትኾኑ:

ቨስተርቦተን/
VÄSTERBOTTEN

**ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ድሕነት ኣብ ቫስተርቦተን ኣብ መንጎ 15 ኮሙናትን ዞባ ቫስተርቦተንን ዝግበር ሽርክነት እዩ።**

ኮሙን ብዩርንሆልም
ኮሙን ዶሮትያ
ምምሕዳር ከተማ ሊከልስ
ምምሕዳር ከተማ ማላ
ምምሕዳር ከተማ ኖርድማሊንግ
ምምሕዳር ከተማ ኖርስዮ
ምምሕዳር ከተማ ሮበርትስፎርስ
ምምሕዳር ከተማ ስካልፈታ
ምምሕዳር ከተማ ሶርሰለ
ምምሕዳር ከተማ ስቶሩማን
ምምሕዳር ከተማ ኡመዮ
ምምሕዳር ከተማ ቪልሄልሚና
ምምሕዳር ከተማ ቪንደልን
ምምሕዳር ከተማ ቫናስ
ምምሕዳር ከተማ ኣሰለ